**ንሕና ኣባላት ማሕበረ-ኮም፣ ሀ.ግ.ደ.ፍ.፣ ሃ.ማ.ደ.ኤ.፣ ሸማግለ ህዝባዊ መኸተ ከለንን ከባቢኣን ብሓባር ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኮማውያን ማእከላት ስቶኮልም ዝተፈጸመ ባርባራዊ ተግባር ኣትሪርና ንኹንን!**

ነቲ ናብ 25 ለካቲት 2013 ዘውግሕ ለይቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኮማውያን ማእከላት ስቶኮልም ዝተፈጸመ ባርባራዊ ተግባር ኣትሪርና ንኹንን።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፣ እቲ ባርባራዊ ፍጻሜ ሰቕ ኢሉ ዝተገብረ ዘይኮነስ፣ ጸላእቲ፣ ነቲ ሓያል ጽንዓትኩምን ዘይሕለል ቃልስኹምን ከም ሓጺን ዝተረረ ሓድነትኩምን፣ ብሕጊ ኮነ ብሰላም ክምክትዎን ክዳኽምዎን ከምዘይክእሉ ስለዘረጋገጹን ተስፋ ዝቐረጹን፣ ብመወልቶም ኣየፍረኹምን ስለዝተባህሉን ብዘይ-መሃያ ስለዝተረፉን፣ ካብኡ ዘይሓልፍ ኢሎም ዝኣተውዎ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ግብረሽበራዊ ህጉም እዩ።

ንሕና ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን፣ ብዛዕባቲ ባርባራዊ ተግባር ምስስማዕና ነቲ ንምሉእ ዓለም ዘዛረበ ቅድሚ ቁሩብ ዓመታት ኣብ ቀረባና እትርከብ Solingen እትብሃል ከተማ ብ Neo-Nazists ኣብ ልዕሊ ቱርካዊ መቦቀል ዘለዎም ዜጋታት ዝተገብረ ባርባራዊ ተግባርዩ ኣዘኻኺሩና። ነቲ ፍጻሜ ስቶኮልም መን ይግበሮ ብዘየገድስ ንኽግበር ዘራሳስኑን ዘነሃህሩን ከምዘልዉን መን ምዃኖም ፍሉጣትዮም። እቶም ነቲ ግብረሽበራ ዝፈጸሙ ብሕጊ ክሕተቱን ነታ ሓዊ ባዕላቶም ክስሕኑዋን እዮም። እቶም ደፋፊኦም ናብቲ እከይ ግብሪ ዘብጽሕዎም ንጊዚኡ ከስሕቡ ምዃኖም ፍሉጥዩ። እንተኾነ ንሳቶምውን ብጊዲኦም ዝሕተቱሉ ጊዜ ክመጽእዩ። እቲ ኮይኑ እቲ፣ ወዮ ድኣ ደናቁር ኮይኖም እምበር ኤርትራዊ ብኸምዚ ተግባራት ክስውድ እምበር ክጀጅ ተራእዩ ኣይፈልጥንዩሞ ኣጀኹም ምሳኹም ኣሎና። ንዝሐየለ መኸተ ማርሻ ቀይርና ብምብጋስ ንዝክረኩም ከምዘሎና ነረጋግጸልኩም።

ሰላማዊ ሰልፍኹም ብዓወት ክዛዘም ንምነ።

ደጊምና ድማ ነቶም ተግባርትን ኣረሳሰንቲን ብትሪ ንኹንን!
ነቶም ኩሉጊዜ ናይ ኤርትራ ዝያዳ ሓለይቲ መሲሎም ክርኣዩ ዝፍትኑ፣ ሕጂ ዘጽቀጡን ነቲ ባዕሎምዮም ጌሮም ዝበለ ኤርትራዊ ዝመቦቀሉ ሕሱር ዝኾነ ኣባል ፓርላማን ብትሪ ንኹንን።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና

ማሕበረ-ኮም ከለንን ከባቢኣን
ሀ.ግ.ደ.ፍ. ከለንን ከባቢኣን
ሃ.ማ.ደ.ኤ ከለንን ከባቢኣን
ሸማግለ ህዝባዊ መኸተ ከለንን ከባቢኣን